# ናይ ትማሊ ብፆተይ።

ፀዋዕታ ኣዲ ኣክቢሮም
ኣብ ሓደ ውድብ ኣዕቍቦም
ናይ ሓደ ወለዶ ታሪኽ ክፅሕፉ
ንህዝባዊ ስርዓት ዝተሰለፉ፤
ኣፃዊቶሙኒ ነይሮም
ኣውገዐሙኒ ነይሮም
ክረኡ ፍረ መስዋእቶም
ወጋሕታ ፅባሕ ኾይኑ ምስክሮም።
ነፍሰይ ሂወተይ ከይበሉ
ሂዎቶም ከሕልፉ ደሞም ከፍስሱ
ገና ብንጉሁኡ ዝገስገሱ
ወፅዓ ህዝቢ ብቅዱስ ሂወቶም ክኽሕሱ።

ናይ ትማሊ ብፆተይ
ስዉኣት ጀጋኑ ደቂ ሃገረይ
ሎሚዉን ከምትማሊ ኮረዐሎም
ቅዱስ እዩሞ መስዋእቶም
ሞገስ ኽብሪ ይብፃሓያ ነፍሶም።

ኾረዐሎም ጀጋኑ ኢ ህ አ ሠ
ኣካሎም ጎዲሉ
ሂዎቶም ሓሊፉ
ደሞም ዝፈሰሰ
ቓልሶም ዘካየዱ ቀትሪ ምስለይቲ
ሕንቆ ሕንቆ ዝገጠሙ ምስፋሽስቲ ፀበብቲ
ሓለዉቲ ዲሞክራሲ ቃል እዉነት
ቐዳሞት ውፉያት ልዑላት ብፆት
ናቶም ነይሩ እሙን ሓሊፎም ብፅንዓት

ናይትማሊ ብፆተይ - - -
ብህያዉ ደም ተሊሞም ዕማሞም
ናይ ጀግና ሞት ዝገበሩ ህይወቶም
ኹልሻዕ ዝዝክሮ ኽቡር ንእስነቶም
ኹርዓት ሃገር እዩ ቕዱስ መስዋእቶም፤
ብመሪር ሓቦ ቀቲሎም ዝወደቑ
ናይ ነፃነት መሰረት ዝነደቑ
ናይ ፀልማት ሲኦል ቓልሶም
ብሩህ ዓለም ዝተርአዮም
ንፅባሕ ማዕርነት
ንፅባሕ ሓድነት
ንፅባሕ ዲሞክራሲያዊነት
ንፅባሕ ስልጠነ ዕብየት
ንፅባሕ ናይ ህዝቢ ልዑላዊነት
ንፅባሕ ናይ ሃገር ኽብረት
ናይ ዓወት መገዲ ንኽቃናዕ
ናይ ደም ምንጻፍ ዝደልደሉ
ናይ ዓወት መገዲ ንኽፀንዕ
ናይ ዓፅሚ ዓንዲ ዝተኽሉ
ናይ ዉፁዕ ህዝቢ ሰማእታት

ኣብ ዓዉዲ ውግእ ዝተረፉ
ናይ ታሪኽ መራሕቲ
ቈዱስ ቅየኦም ይርከብ ብደሞም ተፅሒፉ

ናይ ትማሊ ብፆተይ
ሰዉእት ጀጋኑ ደቂ ዓደይ
ሎሚውን ከም ትማሊ ኾሪዐሎም
ቈዱስ እዩሞ መሰዋእቶም
ሞገስ ኽብሪ ይብፃሓያ ነፍሶም

ቃልሲ እንትሕይል
በትግል መሞት ህይወት ዘሚርኩም
ቃልሲ እንቲሓሰም
ትግሉ ሲመር የጥመናል ኢልኩም
ንህዝቢ ክትብሉ ንሃገር
ቈሪ ከይበልኩም ሃሩር
ጥሜት ከይበልኩም ፅምኣት
ብፀጋ ተቐቢልኩም ዘጓነፈኩም ኽፍኣት
ከይሰሳዕኹም ንኣካል ነፍስኹም
ቤዛ ዉፅዕ ህዝቢ ዝኾንኩም
ነፃነት ዝርከብ ብቃልሲ ሓይሊ ኢልኩም
ኣብ ዓውዲ ኲናት ዝሞትኩም
ኣባላት ኢ ህ አ ፓ ኢ ህ አ ሰ
ክቡር መስዋእትኩም ህያዉ ኮይኑ ዝነገሰ
ማዕረ ዘይብሉ ፍፁም እዩ ኹቡር
ታረኩም ፍፁም ዘልአለም ዝነብር።

ስዉኣት ብፆተይ - - -
ከይተሓበልኩም ብዓልየት ሃይማኖት
ጦብያ ኢልኩም ተላዒልኩም ብሕብረት
ብመቈሕ ሰንሰለት ተፃዊድኩም
ዝበለኹም ኣብ ማእሰርቲ
ስቓይ መከራ ዝረኸብኩም ብፋሽስቲ
ብጓህሪ ብረት ዝተጠበስኩም
ብፃዕዳ ራዕዲ ኣብ መገዲ ዝተዘርጋሕኹም
አፅምኹም ተጥሒኑ ደምኩም ዝተደፍአ
ሕሉፍ ተባዕነቱክም ሕዚውን ኣይተረሰዐ
ጥቕምን ስልጣንን ከየገዝአኩም
ማእሰርትን ሞትን ከየደንገፀኩም
ኣብነት ዝኮንኩም ናይ ሃገር ዓንዲ
ስቓይ መከራ
ደም ሂወት
ገቢርካ ከምዝርከብ ናፅነት
ዝሓበርኩም መገዲ
ተጋደልቲ ኢ ህ አ ሰ ቀያሕቲ ብፆት
ህያው መስዋእትኹም እዝክሮ ጠጠዉ ኢለ ብሂወት።

ናይቲማሊ ብፆተይ
ስዉኣት ጀጋኑ ደቂ ሃገረይ
ሎሚውን ከምትማሊ ኾሪዐሎም
ቅዱስ እዩሞ መሰዋእቶም
ሞገስ ኽብሪ ይብፃሓያ ነፍሶም።

ስውኣት ብፆተይ - - - - -
እንዳፈራሕኹ ምሽጥር ክነግረኩም
ይስምዓኒ ይላዓል ኣካላትኩም
ኹነታት ዓድኹም ክሕብረኩም
ኣፍ ኣዉፂኡ ይዛረብ ዓፅምኹም
ተዓንቂፉ እዩ ትልምኹም
ብፀበብቲ ተዓብሊሉ ቅዱስ ትልምኹም
ቋንቋ ናይ ዓልየት መፍለዪ ኾይኑ
ሃገር ተኸፊሉ በብዞኑ
ሕብረተሰብ ብኡ ተሸንሺኑ
ቋንቋ ናይ ፖለቲካ ስርዓት ኮይኑ
ሓዱሽ ሕጊ ሃገር ቡኡ ተወኒኑ
ቐቢላነት ወድዓዊ ኾይኑ
ነጊሱ ይርከብ ስልጣን ዓቲሩ
ህዝቢ ውን ይርከብ ብሃሚ ተኾምቲሩ
ዓዲውን ንታሕቲ ትጥሕል ኣላ
ንግምት ዘፅግም ተፃዊዳ ብዝሕተላ።

ስውኣት ብፆተይ - - - - -
ካሊእ እዉን አሎኒ ዝፀዉየኩም
ሓደራ ግና ከየሕርቐኩም
ሓደ ሓደ ናይትማሊ ብፆትኩም
ሓቂ እዩ ኣለዉ ዝኸሓድኹም
ዝሓበሩ ምስ ፀበብቲ
መሳርሒ ዝኾኑ ንተገንፀልቲ
ኢዶም ዝሃቡ ንትምክሕቲ
ዝሓደሩ ንባዕዳዊ መንግስቲ
ናይ ታሪኽ ሓቂ እዩ ኣለዉ ጠለምቲ
መርገፅ ዘይብሎም ክሓድር በሃልቲ፤
ካልኦት ድማ ብወገና
ብኽሕደት ከይኮነ ወይድማ ፈሪሕና
ግና እዋን ብዝፈጠሮ ፀገማት
ኣፍና ሎጊምና
ኢድና ጠርኒፍና
ኣለና ንነብር ሪሕቕና፤
እዙይ ክብለኩም ግና
ኣለዉ ድማ ዘይካሓዱ
ናይ ትማሊ ቓልስኹም ዘካይዱ
ዝእረም ኣሪሞም
ዝውሰኽ ወሲኾም
ዝትረፍ ኣትሪፎም
ዝቀፀሉ ቓልሲ ህዝቦም
ከይተንበርከኹ ንዝመፅኦም መፅቀቲ
ተስፋ ከይቖረፁ
ባሽጣራ ባዕዳን መንግስቲ
ኣለዉ ሐዚውን ንዝሓለፈ ትዉልዲ ዘኹርዑ
ንፀበብቲ ኣጉል ተገንፀልቲ
ንሙኩሓት ክሓድር ባሃልቲ
ዝፋለሙ ዘሕፍሩ ዘቃልዑ
ሐዚውን ከምትማሊ
ተስፋ ሃገር ዝኾኑ
ጋይም ህዝቢ ዝኾኑ

ንዲሞክራሲ ንህዝባዊ ስርዓት
ህያው ሂወቶም ዘወፈዩ ክኾኑ ስውኣት
ቃልሶም ዘዋፈሩ ንኽነግስ ህዝባዊ ስርዓት።

ናይቲማሊ ብያተይ
ስዉኣት ጀጋኑ ደቂ ሃገረይ
ሎሚውን ከምትማሊ ኮሪዐልኩም
ቅዱስ እዩሞ መስዋእትኹም
ሞገስ ኽብሪ ይብፃሓያ ነፍስኹም።

ሰለሞን አርአያ
ግንቦት 1987